# ኤርትራ ኣብ ፌስቲቫል ባህልታት
# ሽቱትጋርት

ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ዓመት መጸት፡ ኣብ ወርሓት ሓምለ ዝቃናዕ ናይ ከተማ በዓል፡ ሎም ዓመት'ውን ካብ ሰሉስ 16 ሓምለ ጀሚሩ ክሳብ ሰንበት 21 ሓምለ 2013 ተጸንቢሉ። እዚ ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ ስነ-ጥበባውያን ዝተሳተፍዎ ፌስቲቫል፡ ብኻላ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝመጹ ነባሮ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ብዘእንግድዎ ባህላዊ መግብታት ማዕሪጉ ቀኒዩ።





ስሙር ማሕበረስብ ኤሪትራውያን፡ ነዚ በዓል ናይ „ብሄራት“፡ ንምድማቅን እቲ ጭዋ ዝኾነ ባህልናን ልምድናን ንምልላይን፡ ንሰለስተ መዓልቲ፡ ማለት ካብ ዓርቢ፡ 19.07.2013 ክሳብ ሰንበት 21.07.2013፡ ዓቢይ ምድላው ብምግባር ባህልን ክብርን ህዝቢ ኤሪትራ ከእንግድ ቀንዩ።



ዝያዳ መቀረበት ዝሃቦ ኸኣ፡ በቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩን፡ ተመሃሮ ቛንቋ ኣደ ስሙር ማሕበረሰብ ኤሪትራውያን ዝኾኑን፡ ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ኣቢሉ፡ ንዝተፈላለየ ብሄራትና ዘንጸባርቅ ባህላዊ ሳዕሲዒት፡ ምስ ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ዘላሊ፡ ንብዙሓት ተዓዘብቲ ዘደነቀ ባህላዊን ያታውን ምርኢት ምቅራቡ ኢዩ።

ተሳትፎ ስሙር ማሕበረሰብ ኤሪትራውያን፡ መርኣያን መቀጸልታን ናይቲ ኤሪትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ፡ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ፡ ንሃገሩን ንባህሉን ንምልልላይ ይኹን ክብርታቱ መንነቱን ናብ ወለዶታታ ንምስግጋር ዝወሰዶ ሰናይ ተበግሶ ኢዩ።

ኣብዚ ዓመት ዓመት ብፎርም ደር ኩልቱረን (Forum der Kulturen Stuttgart e.V.) ዝዳሉ በዓል፡ ስሙር ማሕበረሰብ ን 10ይ ግዜ ይሳተፍ ኣሎ። ኣብ'ዚ በዓል ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝመጹ፡ ዳርጋ ኣህዛብ መላእ ዓለም ዝሳተፎዎ ንግደት ክበሃል ዝከኣል፡ መዓልታዊ ኣስታት 10 ሽሕ ነጋድያን ይሳተፉዎ ነይሮም።

ዓወት ንሓፋሽ

ስሙር ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ሽቱትጋርት